# <u>ሰላም - እቲ ኀደና ዘመረጽናዮ</u>

## 🌿 ሰላም እንታይ እዩ፧

🌱 ናይ መዘገባ ቃላት ትርጉሙ፡ ካብ ግርጭታትን ዕግርግርን ነጻ ኾንካ ብህዳትን ስምምዕን ብምቕትን ቅሳነትን ምንባር ማለት እዩ።

🌳 ሰላም ቀሊል መሲሉ ክርአ ይኽእል እዩ - እንተ ኾነ ግን ንኤርትራውያን ብታሪኾምን ዝኸፈልዎ ከቢድ ዋጋን ዘሕለፍዎ ከቢድ ቃልሰን ዝተቐርጸን ዝተጸልውን ኣዝዩ ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎ እዩ።

🌻 **ሰላም ዕግርግርን ግጭትን ዘይምህላው ጥራሕ ኣይኮነን፣ ህላዌ ምርድዳእ እዩ።**

ብዛራ ሰላም ሜድያ ኣረኣእያ ክልተ ነገራት ዝሓዘ ማለት ህድኣትን ናብ ሃገራዊ ሕውየት ዘምርሕን መንገዲ እዩ።  ንዛራ ሰላም ሜድያ ሰላም ጭርሖ፣ ትምኒታዊ ሕልሚ ወይ ፖለቲካዊ ሸጣራ ኣይኮነን። ንኤርትራውያን ናብ ሕውየትን ሰብኣዊ ክብረትን ናብ ሓባራዊ መጻኢ ዘብጽሕ ነዊሕ ከቢድ ሕልኽላኽ ዝመልኦ መንገዲ እዩ።

እቲ ክዉንነት ማለት ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቀኛ ሃለዋት ኣጸቢቑ ይርዳኣና እዩ። ኤርትራውያን ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዓሚቕ ምምቕቓል እዮም ዘርከቡ። እቲ ብገዚፉ ዝርአ ኣብ መንጎ ደገፍቲ መንግስትን ተቓወምትን፣ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ንንሕድሕዶምን እዩ። ካብኡ ዝገደደ ትሕተ ሃገርን ፖለቲካዊ ፍልልይን ዝኸይድ ፍልልይ እውን ህልዊ እዩ።  ህዝብና ተመኒይዎ ቀሲሉን ንዝኾነ ናይ ሰላም ተበግሶ ብጠርጠራ እዩ ዝሪኦ።

🌻 *እንተ ኾነ ኣብ ገለ ግዜ ኣብ ገለ ቦታ ናይ ሰላም ጉዕዞ ክንጅምር ናይ ግድን እዩ።*

## 🌿 ኣጠማምታ ዛራ ሰላም ኣብ ሰላም፧

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሰላም ፖለቲካዊ ሸጣራ ኣይኮነን። ጭርሖ ኣይኮነን። ንዘሎ ሓያል ፍልልያት ምኽሓድ ኣይኮነን። ሰላም ነዊሕ ሕልኽላኽ ዝመልኦ ከቢድ ግን ከኣ ክኽየድ ዘለዎ ኣገዳሲ ጉዕዞ እዩ።

🌼 ዛራ ሰላም ሜድያ ነቲ ህልዊ ሓቅታት ምሉእ ኣፍልጦ ትህቦ፡

ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ክጽሞቑ ይኽእሉ፥

- ኤርትራውያን ብርእይቶ ተፈላልዮም ኣለው
- ደገፍቲ መንግስትን ተቓውሞን ፈጺሞም ኣይትኣማመኑን
- ዋላ ተቓወምቲ ውድባት/ሓይልታት ነንሕድሕዶም ኣይተኣማመኑን ኣብ ምፍንጫል ከኣ ይነብሩ
- ብዙሓት ካብ ህዝብና ዝኾነ ናይ ሓድነት ጸዋዒት ኣይ ኣምንዎን።

🕯️ *ነዞም ሓቅታት እዚኣቶም ከምዘለውዎ ተቐቢልና ክግጠሙ ንጽዎዕ።* ምኽንያቱ ሰላም ብሓቅነት እዩ ዝጅምር።

## 🌱 ቅድሚ ፍርዲ ምሃብካ ምስማዕ፥

ሰላም ብሓደ ቀሊል ግን ከኣ ኣዝዩ ሓያል ጉዳይ ይጅምር። ንሱ ኸኣ ነንሓድሓድካ ከይተነጻጸግካ ነንሓድሕድካ ጽን ኢልካ ምስማዕ እዩ። ብተግባር ኣብ ኩሉ ነገር ክስትሰማማዕ ዘይምጽባይ። ፍልልያት ከምዘየለው ወይ ብምንእኣሰ ዘይ ምርኣይ። ንሓድነት ዘይ ምግዳድ። ብኣኽብሮትን ጽሞናን ትዕግስትን ብሓቅነትን ነንሕድሕድካ ምስማዕ።

ነንሕድሕድና ጽን ኢልና ምስ እንሰምዕ ዋላ ብተሪር ዘይሰማምዑ ሰባት ገለ ዘይልወጥ ውይ ዘይክሓድ ሓቅታት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

## 🕯️ ምስማዕ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ናይ ሰላም ጉዕዞ፥

✏️ *እቲ ቀንዲ መርሆ ክትርዳእ እምበር ክትሰማማዕ ኣይትሰምዕን ኢኻ። ከይተረዳእካ ተበግሶ ክውሰድ ሰለ ዘይከኣል።*

🕯️ *ሰላም ብሰምምዕ ኣይትጅምርን እያ።  ሰላም ብሓቀኛ ዝኾነ ጽን ኢልካ ምስማዕ እዩ ዝጅምር፥*

- ከይ ነጽግካ ጽን ኢልካ ምስማዕ
- ስም ከይለጠፍካ ጽን ኢልካ ምስማዕ
- እቲ ዝኸፍአ ከይ ተጸበኻ ጽን ኢልካ ምስማዕ
- ዋላ ኣብ ጽቡቕ ዘይስምዓካን ወይ ዘይትፈትዎን ኩነታት ጽን ኢልካ ምስማዕ

🌸 ጽን ኢልና ምስ እንሰምዕ ኣብ ትሕቲ እቲ መሪር ፖለቲካዊ ፍልልያት ናይ ሓባር መንነትን ናይ ሓባር ቃንዛን ከምዘለና ክንርዳእ ንኽእል።

## 🔔 ኩላህና ንሰማማዓሉ ሓቅታት፥

ዘሎና ፖለቲካዊ ፍልልያት ከም ዘለዎ ኮይኑ ኩላህና ኤርትራውያን ክንሰማማዓሉም ዘሎና መሰረታዊ ሓቅታት ኣለው፥

- ናይ ኤርትራ ነጻነት ኣዝዩ ክቡር ምዃኑ
- ስዉኣትና ፍሉይ መዓርግን ዝኽሪን ኣኽብሮትን ከምዝግብኦም
- ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ንሃሉ ሓደ ህዝቢ ምዃና
- ናይ መንእሰያትና ብብዝሒ ካብ ሃገር ምውጻእ ሃገራዊ ሽግር ምዃኑ
- ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ስቓይ ሃገራዊ ሓላፍነት ምዃኑ

🔔 *እዚኦም ፖለቲካዊ መርገጺታት ኣይኮነን። ከሕብሩና ዝግብኦም ኤርትራዊ ሰብኣዊ ሓቅታት እዮም። ዋላ ኣብዚም ክፈላልዩና ዘይግብኦም ውሑዳት ነጥብታት እንተ ተሰማሚዕና መበገሲ ቦታ ንረክብ።*

## 🔔 *ቃንዛታትና ሓደ ብሓደ ምእማን፡*

**ሰላም ማለት ነቶም ሽግራት ዘይምእማን ዘይኮነስ ሓደ ብሓደ ምእማኖምን ኣፍልጦ ምሃቦምን ማለት እዩ፡**

- ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ዘሎ ምፍልላይ
- ኣብ ነንሓድሕድ ዘሎ ዘይ ምትእምማን ዘምጸኦ ምፍርራሕ
- ናይ መንእሰያትና ሃገሮም ምሕዳግ
- ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ስቓይ
- እቲ ስድራቤታት ብሰደት ምፍልላይ ዘምጽኦ ስቓይ
- ዝርርብን ልዙብ ክትዕን ብሰቕታ ምትካኡ

🍃 *ነቲ ጸገማት ኣፍልጦ ምሃብ ግን ንሓደ ወገን ምኽሳስ ማለት ዘይኮነስ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ናብ ሕውየት እዩ።*

## 🌿 ሰላም ከም ንቕድሚት መኸዲ ጎደና፡

🌱 *ሰላም ናይ ጎዕዞ መወዳእታ ወይ ውጽኢት ዘይኮነስ ነቶም ኣፍልጦ እንሃቦም ጸገማት ንምፍታሕ እንጓዓዘሉ ጎደና እዩ፡*

- ከመይ ጌርና መንእሰያትና ንከላኸለሎም?
- ምትእምማን ከመይ ጌርና ንሃንጾ?
- ንስዉኣትና እነኽብረሉ ብዘይ ፈላልየናን ሓድነት ብዘምጻኣልና መንገዲ ነብዕሎም?
- ብኸመይ ኤርትራውያን ኣብ ሓሳብ ዘይሰማማዕሉ ግን ዘይጽላእሉ መጻኢ ንፈጥር?

🌼 *ብዘይ ሰላም ዋላ ሓደ ካብዚኣቶም ክምለስ ኣይክእልን እዩ። ሰላም ግን ኩሎም ክፍትሑ ተኽእሎ ይፈጥር።*

## 🍀 ናይ ዛራ ሰላም ሜድያ ትኩር ተገዳስነት፥

🧭 ዛራ ሰላም ሜድያ ናይ ሰላም መንገዲ ዝመረጸትሉ ምኽንያት ቀሊል ስለ ዝኾነ ዘይኮነስ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ እዩ።

ስለ ዝኾነ ነዞም ዝስዕቡ ብኣትኩሮት ንሰርሕ፥

- ብልኡም ኣኽብሮት ምልዛብ
- ንኹሎም ድምጽታት ቦታን ግደን ምሃብ
- ጸርፍን ምድሃልን ኣፍልጦ ዘይምሃብን ምንጻግ
- ሓባራዊ ዋጋታትን ክብርታትናን ምንጽብራቅን ምድማቕን
- ባህላዊ ልቦናን ሓቅን ትሕትናን ምትልባት
- ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ፍልልያት ድንድል ምፍጣር

🕊️ እቲ መንገዲ ነዊሕ ምዃኑ ንፈልጥ። ጥርጣረን ዘይተቐባልነትን ሓቂ ምዃኑ ንፈልጥ። ግን ከኣ ኤርትራ ደቃ ነንሓድሕዶም ብልዙብ መንፈስ ነንሕድሕዶም ዝላዘብሉን ዝዘራረብሉን መጻኢ ክምዝግባእ ንፈልጥ።